# መድረኽ

***ሕታም 24***

# <u>*ክልተ መራኽብ: ኣብ ማዕበል ጅኦፖለቲካ*</u>

***Editor Tesfadet 8/3/2016***

## *Prelude*

*On page 12, a spread sheet is over there listing certain vocabularies used in this writing to elaborate the meaning of all the words with * in Tigrigna to their equivalence in English.*

---

*ከምቲ ግቡእ ናይ ሰነ ስርዓት ድርሰት ዝጠልቦ ኣካይዳ መሰረት፡ ንሱ ከኣ - ሓደ ደራሲ ነቲ ክኣንግዶ ዝደሊ ዛዕባ፡ ኣብ ምብጋሱ እንከሎ፡ ይጥዓም ይምጸጽ ብዘየገድስ፡ ንነበቲ ኣነጺሩ ክነግር ስለ ዝግባእ፡ ናይ ሎሚ ዓንቀጽ መድረኽ ድማኒ፡ ኣብዚ እዋናዊ ዝኾነ፡ ማዕበል ውቅያኖስ ናይ ጅኦፖለቲካ፡ ክልተ መራኽብ ናይ ኤርትራውያን፡ ኣየነይቲ ተንሳፍፍ ኣየነይተን ድማ ትጥሕል ከም ዘላ ክትንትቶ እያ። ትንተና ደኣ እምበር፡ ንስለ ምጉት፡ ወይ ከኣ፡ ንስለ ክለሳ ሓሳብ ኣይ ኮነን። ናይ ዉዑይ ትኩስ ዜና* ሓባሪ፡ እውን ኣይ ኮነን። ይኽፋእ ይጸብቕ፡ ይድቀቕ ይፈርዝን፡ ከይ ተፈንፈነ፡ ነቲ ኣብቲ ቆፎ ዘሎ ትሕዝቶ ፡ ክብርበር እዩ።*

*ከም መሓለውታ ወይ ድማኒ፡ ንመራጉልዲ ነዚ ትንተናዊ ዝድግፍ፡ ፍልይ ብዝበለ ኣቀራርባ ድማኒ፡ ናይ እዘን ዝተጠቕሳ መጓዓዝያታት ጥርይ ዘይ ኮነስ፡ ነቲ ኣብ ሃገርና፡ ኣሎ ዝበሃል ጸገማት፡ እንኮ ጠንቁ ካብ ናይ ሻዕብያዊ ዲክታቶርነት ዝነቅል ጥራይ እዩ፡ ዝብል ዓንጃል* ዝኾነ መዓልታዊ መረረ፡ ኣብ ካልኣይ ክፋላ፡ ክትጻመዶ እያ። ሕራይ።*

*ነቶም ምስ ጸላእቲ ሃገረ ኤርትራ፡ ኣሻርዮም ዘለዉ ኤርትራውያን ከኣ፡ ካብቲ ኣድሓርሓሪ ወይ ሃዳሚ ዝኾነ ሻርነቶም ስሒቦም፡ ተቓውሞኣም ካብ ክሊ ሃገራውነት ከይ ወጸ፡ ንኽካይዱ ዝኹኩሕ ጥቁው ዝኾኑ ኣብነታት ክልህዎ እዩ።* ***ብኻልእ ኣዘራርባ፡ ከም እንደገና፡ ነብሶም እንተ ዝሓኩ እሞ፡ ምሁር ወይ ገስጋሲ ብዝኾነ ስነ ስርዓት፡ ከም ዝኽተሎ ኣገባብ* መሰረት መጠን፡ ቀንዲ ዕላማ* ምስ ተነጸረ፡ ናብቲ ዕላማ ከብጽሕ ዘኽእል መንገዲ ከኣኒ ፡ ምልላይ ስለ ዘድሊ፡ ኩሉ ቆላሕታቶም ተሓንኩኹ ተወዲኡ እንተ ዘይ ኮነ ኮይኑ፡ ይሸወጦም ይኸውን እዩ ኢለ ይትምነ።***

*ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ካብቲ መትሓዚኡን መቑጸሪኡን፡ ክትረኽቦ ዘይ ትኽእል ዘይ ተወደነ ምጉት፡ ከማሕይሹ ይጽውዕ።  ጻውዒት ንምእንቲ:-  ክብሪ ሃገርን ህዝብን፤ ጻውዒት ንምእንቲ ምክልኻል ሃገር፤  ጻዊዒት ንምእንቲ ጸጥታኣን ሰላም ናታን፤ ጻዊዕት ንሓድንት ምድራን ህዝባን . . .  ናይ ቀዳምነታት ቀዳምነት ዘለዎ ውራይ ስለ ዝኾነ።*

*ኤርትራ፡ ርጉእ ዝኾነ ናይ ባዕላ፡ ውሽጣዊ ሰላምን ቅሳነትን፡ ደኣ ይሃልዋ እምበር፡ ምስ እቲ ናይ ግዳማዊ ጅኦፖለቲካ፤ ጅኦቁጠባ፤ ጅኦቅሳነትን ግን፡ ካብ ቁጽጽራ ንላዕሊ ወጻኢ ከም ዝኾነ መጠን፡  ጌና ርጉእ ዝኾነ ሰላም የብላን። ገድሊ ኣይ ተወድኤን። ቀደም ኣብ ገድሊ፡ ሕጂ እውን ኣብ ገድሊ።*

*እቶም ሓለይቲ ፍትሒ መሲሎም ንገድልና እና ኣሕሰሩ፡ ዝጉስጉሱ ዝነበሩ ዓናናት* ፕሮፈሶራት ፖለቲካ፡ ተሃኪይዮም ግዲ ኮይኑ፡ ዘፍ ኣብ ዝበሉሉ ሕጂ ፡ ከም መብረ ናታቶም ኮይኖም ዝመስሉ ድማ፡ ንሶውራና ናይ ሽፍትነት ገድሊ እዩ ነይሩ፡ ዝብሉ ወሊዶሞም እዮም። እዚኣቶም፡ ተቓወምቲ ኣንጻር ናይ ተቓውሞ ክነሶም፡ እቲ ተቓውሞ ዝበሃል ግን፡ ስቕ ኢሉ ይሰምዖም ኣሎ። እዝን ዝኸምዝን ዝኣመሰለ ጸገማት፡ ዝተደመሮ ምስ ናይ ደገ ተጻረርቲ ሓይልታት፡ ጌና እናገነነ ከይ ከደ ንምምካቱ፡ ሕጂ እውን ኤርትራ፡ ኣብ ገድሊ ከም ዘላ እዩ ዝምስክር።*

*ከም ኣብነት ንምጥቃስ ዘድሊ ምስ ዝኸውን  ከኣኒ፡ መንግስቲ ጁቡትን ሶማልያን፡ ንሀገረ ኤርትራ፡ ብግህሰት መሰል ሰብ ኣውነት ክኸሳኣስ፡ ናይ መጨረስታ ጉዕዞ መንገዲ፡ ከም ኮይኑ ኣየስምዕን እንድዩ? ናይ እቶም፡ ብሃሰስ ኣብዚ ዛዕባ እዚ፡ ኣርባዕተ ነጥቢ ዘይ ብሉ ዘረባ፡ ሃተፍ ዝብሉ ዘለዉ፡ ንጎድኒ ኣገምሲስና፡ ናይቶም ቀለም ጸገብ ዝኾኑ ሰብ ዓቕሚ፡  ዝብልዎ ዘለዉ ምስ ነንብብ ግን፡ ኣዝዩ ዘሕዝን እዩ።*

*ኣብ ክንዲ ነዞም፡ ኣብ ጨናፍር ኣጻብዕትና ኮይናም፡ ብልጭ ምልጭ ዝብሉ ንዘለዉ፡ ምርመር ዘየድዮም ሓቅታት፡ ዘድህቡ፡ ዘሊሎክም ብምሕላፍ፡ ከም መማህራን ናይ ፖለቲካል ሳይንስ መሲሎም፡ ንጽባሒቱ ክትዝክሮ ዘይትኽእል ዛዕባ፡ ክምህሩ ዝፍትኑ ዘለድው፡ ሃልኪ ናታቶም፡ ውጺኢቱ ባዶሽ እዩ።*

*ኣንቲ ኤርትራ መዓረይ! ነዚኣቶም ምውላድክስ፡ ደም ኮይናም ከይዶም እንተ ዝኾኑ ኢልኪ፡ ኣይ ትራገምን እንዲኺ? መርገም ወላዲ እተ ዘይ ቀተለስ ስለ ዘዕነኒ፡ እንታይ ኢልኪ ዲኺ ረጊምክዮም፡ ክሳብ ክንድዚ ዘዕነንዩ ዘለዉ? ዝኾነ ኾይኑ፡ ንኺድ ጥራይ።*



*I love so much for this baby. She made me live for her. My eyes swell with tears whenever I see her. I am for her. ንኺድ ኢያ ትበለኒ ዘላ። እወ ንኺድ። እቲ ብርሃን ንቅድሜናዩ ዘሎ።*

*ንዕላማኻ ብኸመይ ዓይነት ኣገባብ ተሳልጦ* ወሳኒ እዩ። ቁኑዕ ዝኾነ ዕላማ ኣብ ባይታ፡ ዋላ እንተ ሃለወ፡ ኣገባብ ኣሰላልጥኡ ግን፡ ቁኑዕ እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ኣብ ሂወት ህዝብን ንብረትን፡ ከስዕቦ ዝኽእል ክሳራ፡ ሰፍ* ዘይብል ኮይኑ፡ ብዝሕነቱ ክትቆጽሮ ዘይ ከኣል ኣሃዝ ማለት እዩ።*

*ንምሕደራ ናይ ሀገርና ዝምልከት ጥራይ፡ ከቢድ ጸገም ከም ዘሎ ዘተሓትት ኣይ ኮነን። ነዚ ነኺል እዚ ንምውታፍ ድማ፡ እቲ ዝመርሕ ዘሎ ኣካል ምስ ዝብድል፡ ጉቡእ* ዝኾነ ስጉምቲ ወይ ተቓውሞ ምክያድ፡ ዑዙዝ ዝኾነ ክብሪ ዘለዎ፡ ሃገራዊ ሓላፍነት እዩ። ይኹን ደኣ እምበር፡ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ንኽቃወሞ ዘበገሶ ዕላማ፡ ቁቡል እኳ እንተ ኾነ፡ ተኸቲልዎ ዘሎ ኣገባብን ኣሰላልጥኡን ግን፡ ካብ መሰመር ወጻኢ ኮይኑ ስለ ዘሎ፡ ኣብ ሰላም ሃገርና ከስዕቦ ዝኽእል ሓደጋ፡ ካብዚ ናይ ሎሚ ኣጓኒፉና ዘሎ ጸገም፡ ዝገደደ ከም ዝኸውን ዘይ ነዓቒ ትንቢታት ኣለዉ። ወይልኺ ኤርትራ!*

*ነዳይ* "መቓብር ኣቡኡ ይኹዕት" ከም ማለት፡ እዚ ነዳይ ተቓውሞ ኤርትራ ድማኒ፡ ኣቦኡ ሒዝዎ ተቐቢሩ ዘሎ ምስጢራት ክብሪ ኤርትራ ንምፍላጥ፡ መቓብር ኣቡኡ ኩዒቱ፡ ነቲ ኩቡር መንፈስ ናይ ኣቦኡ፡ እንተ ዝውክሶስ እንታይ ኮን ምበሎ?*

*እንታይነቱ ዘመሽመሽ ከም ምዃኑ፡ ዶኾን ምመዓዶ? ኣንታ ሙሽሙሽ! ኢሉ ዶኾን ምገሰጦ? ኣነስ ከምኡ እየ ዝግምት፡፡ "መርገም ወላዲስ፡ እንተ ዘይ ቀተለ የዕነኒ"፡ ከም ዝበሃል መጠን፡ እዚ ተቓውሞ እዚ ከኣ፡ ወላዲኡ ስለ ዝረገሞ ድዩ፡ ኣብዚ ኩሉ ዕንይንይ ጥሒሉ ዘሎ? እዝግሄር ፈልጥ።*

*ክሳብ እዛ መስመር እዚኣ፡ ተተይ መተይ እና በልኩ፡ ክመጽእ ምስ ጸናሕኩ፡ ናብቲ ዘበገሰኒ ዛዕባ ቅድሚ ምእታወይ፡ ጎቦ ጎቦ እየ ክብል ጸኒሐ፡፡ ነቲ ዘንቀደኒ ዛዕባ፡ ጽቡቕ ገቢረ፡ ዘርጊፍየ* ወይ ሰቲረየ* ከም ዘሎኹ ኮይኑ ግን ይስመዓኒ፡፡ ተጋግየ እንተ ኾይነ ግን፡ " በስም ኣብ - በስም ወልዲ- በስም መንፈስ ቁዱስ ኣሃዱ ኣምላኽ" ኢለ ምስ ናይ ሰማይ ኣቦይ፡ ክነሳሓሉ ጸገም የብለይን። ኣቐዲመ ምሕረትኩም ይሃትት።*

*ኣብዚ እዋናዊን ህውጽን ዝኾነ መድረኽ እዚ፡ ንርእዮን ንሰምዖን ዘሎና ኣሰካፊ ዝኾነ ተረኽቦ፡ ንኤርትራን ኣብ ከባቢኣ ዝርከባ ዘለዋ ሃገራትን፡ መን ናብ መን ገጹ፡ ከም ትጫኖ ዝድርኽ ዘሎ፡ ሓደ ቀሳቢ* ዝኾነ ለውጢ ኩነታት ተጎሃሂሩ ኣሎ። ከቢድ ምዕባለ እዩ። ንኤርትራ ዝምልከት ብፍላይ ። ኣመጻጽኡኡ፡ ከም ዘመልከቶ ዘሎ ድማኒ፡ ማዕበል ፖለቲካ-ዓለምለኸ* ወይ ጅኦፖለቲካ፡ ንዓመታት ክገርር ዝጸንሐ ኮይኑ፡ ዝተኸስተ ሓዲሽ ሕርሲ* እዩ። ርቡጽ ማዕበል።*

*ንቐጻልነት ልዕላውነትና ዝተዃቱኽ ጽንኩር ብድሆ እዩ። ከም ሳዕቤናቱ ድማኒ፡ ንቐጻልነትና ዝምልከት፡ ብኸመይ ከነ ውሕሶ ከም ዝግባኣና ምስላፍ፡ እቲ ናይ ቀዳምነት ቀዳምነታት ኮይኑ ተኸሲቱ ዘሎ ተርኢይዎ እዩ። እንተ ደኣ ዝምልከተና ኮይኑ?*

*ነቲ ንውሽጣዊ ጸገማትና ዝምልከት ጉዳያት ከኣ፡ ብዙሕን ኣገዳስን ዋላ እኳ እንተ ኾነ፡ ንክመይነት ኣፈታትሕኡ ዝምልከት ኣገባብ ብድሆ ግን፡ ተሰዊሩና ስለ ዘሎ፡ ክሳብ እታ መንገዲ ንረኽባ፡ ንግዚኡ፣ ካብ ቁጡዓት ዝኾኑ ፖለቲካዊ መናፍስቲ፡ ክንጸውም ወይ ክንሕረም ከም ዘሎና፡ ሃገራዊ ተጠላብነት ኮይኑ ዘሎ ይመስል።*

*ካብ እቶም ቁጡዓት ዝኾኑ ፖለቲካዊ መናፍስቲ ናይ ተቓውሞ፡ ከም እንሰምዖ ዝወራሕና መርድእ - ሃገር ዝተረፉ የብላን፣ ሞይታ እያ፣ ዝብል እዩ፡፡ ኣድዮ! ተካል ስማዕ!*

*እሞ ደኣ፡ ሃገሮም መይታቶም ክነሳ፡ ናይ ሓዘን ዳስ ተኺሎም፡ እንተ ዝኹርመዩ እሞ፡ ቆቋሬጣኦም ተሸኪሞም፡ ደበሳ እዮብ እደብስኩም፡ ክብልዎም ንዝደልዩ ሓዘንተኛታት፡ ንምንታይ ዕድል ዘይ ህብዎም?*

*እንተ ደኣ: ዘይ ከውን ኮይኑ ግን፡ ብግልብሹ - ሞት ናይ እቲ ነውራም ዝኾነ ስምዒታት፡ ከም ምኧኑ ስለ ዘረጋግጽ፡ " ኣድግስ ካብ ሞታስ ምጉታታ" ስለ ዝብርትዕ ድማኒ፡ ነዚ ዝተባህለ ነውራም ስምዒታት፡ ብኸመይ መንገዲ ኳቲትካ ንምቕባሩ፡ ቀሊል ከም ዘይ ኮነ ውሁብ* እዩ።*

*ኣብዚ ሓደገኛ ዝኾነ ማዕበል ናይ ጅኦፖለቲካ እዚ፡ ገለ ገለ መራኸብ ዝጥሕላሉ፡ ገለን ከኣ ዘንሳፍፉሉ እውን ይመስል። ንዓና ንኤርትራውያን ዝምልከት ድማኒ፡ ክልተ መራኸብ - እታ ሓንቲ ናይቲ መንግስቲ፡ እታ ካልኣቲ ድማኒ ናይቶም ተቓወምቲ ከም ዘለዋና ንፈልጥ። ኣየነይተን ትጥሕል፡ ኣየነይተን ድማ ተንሳፍፍ ከም ዘላ፡ ክንርዳእ ክንፍትን ኢና።*

*ደሓር ከኣኒ፡ እዚ ቁጡዕ ዝኾነ ስምዒታት ናይ ተቓውሞ፡ ንኣገባብ ቃልሱ ዝምልከት፡ ብኸመይ ዝኣመሰለ ኣገባብ፡ ከሰላስል ከም ዝደሊ ክውስን ብዘይ ምኽኣሉ፡ እንተ ኣብዚ እተ ኣብቲ እንክብል፡ ተዓኒዱ ዝደንዘዘ ኣይ ኮነን እንድዩ?*

*እቲ ሓደ ኣካሉ፡ ኣብ መሰረታዊ ለውጢ ዝብል ኣምር ደሪቑ፡ ለበዳ ሓዊ ብሰማይ፡ ለበዳ ሓዊ ድማኒ ብምድሪ ተጠቒምካ፡ ነቲ መንግስቲ ምስ ኣቃጸልካዮ፡ መታን መሊሱ ከይ ጥጥዕ ድማኒ፡ መርዛማት ስምታት ተጠቒምካ፡ ካብ ሰሩን መሰረቱን በንቁርካ፡ ክሓርር ምግባሩ ዝብል ከም ማለትዶ ኣይ ኮነን'ዩ? መሰክሕ!*





*እቲ ካልኣይ ኣካሉ ድማኒ፡ ኣብ ጽገናዊ ለውጢ ዝብል ኣምር እዩ። ክልቲኣቶም ወገናት፡ ነቲ ዝደልይዎ ሽቶ፡ ብኸመይ ሜላ ወይ ስልቲ ተጠቒሞም ክበጽሕዎ ከም ዝግብኦም ስለ ዝተሰወሮም፡ ንሕድሕዶም ከይ ተሳነዩ፡ ውዕለታቶም ድማ፡ ውዕሎና ኣይ ግበሮ፡ ህዝቢ ንህዝቢ ዘናቖት፡ ካብ ነውራም ዝኾነ ጸርፍን መረረን ሓሊፎም፡ ዘተ ኣታተዎ መሪሕ* ዕላማ የሎን።*

*ብዝሒ መረረ ካብ ህዝብና ዋላ እኳ ይርኤ እንተሎ፡ ብኹሉ ሶሾሎጂካዊ እንትናታቱ፡ መዚና ኣብ መመስከዑኡ፡ ፈላሊና ክንሰኹዖ ክሳብ ዘይ ከኣልና፡ እንበጽሖ ድምደማ ፍሽኮላ* እዩ ክኸውን ዝኽእል። ኣብ ጀነቫ ናይ 16ሽሕ ካብ ማሕበረሰብና ተጨቓጭቖም፡ ሕልናኦም ኣብ ሓንቲ ዘንቢል ዓሸጎም፡ ነቶም ናይ ታሪኽ ጻላእትና ዝኾኑ፡ ህያብ ስለ ዘበርከቱ፡ ሪቮልሽን እዩ ኢሎም፡ ብታሕጓስ ዝጎስዑ ዘለዉ - ትደልይኦ እሞ ይዝንግዓክን ደኣ! - ገ እንዳ በሉኻስ፡ ትጋገ እንተ ደኣ ኬንካ ድማኒ፡ እንታይ ኢሎም ዲዮም ዘላጉጹልካ - ኣንታ ኣብዲ!*

*ስለዚ፡ እዚ ተቓውሞዚ፡ ክሰርሕ ዝኽእል እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ነቲ መንግስቲ ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ንባዕሉ መሰረታዊ ለውጢ ብቕዳምነት ይምልከቶ ነይሩ። ነዚ ተቓውሞዚ፡ ካብ ሱሩን መሰረቱን ክብርቆቕ ኣለዎ፡ ማለት ግን ቁኑዕ ኣይ ኮነን። መሰረታዊ ለውጢ ክገብር ስለ ዘይ በቕዔ ግን፡ ኣብ መወዳእታኡ፡ እንታይ ዝኽብደቱ ሰርታት፡ እዩ ከስዕበልና ዝኽእል፡ ኢልና እንተ ሓቲና፡ ኣዝዩ ኣሰካፊ ዝኮነ ግምታት፡ ይጽበየና ከም ዘሎ፡ ነቒሕና ብጥንቃቐ ክንቕረበሉ ንጥለብ። ኣነ ንባዕለይ፡ ብሕልናይ ቀይሕ መብራህቲ ወሊዔ ኣሎኹ። ዝምልከቶ ዘበለ ኩሉ ሃገራዊ ድማኒ፡ ቀይሕ መብራሕቲ ክውልዕ እዋኑ እዩ። ኣርትራዶስ ካልእ ነገር?*



እዘን መራክብ እዚ ኣተን፡ እንታይ ወሪድወን ከም ዘሎ ንምልላዩ፡ ከቢድ ኣይ ኮነን። ነታ ሓንቲ ምስታ ካልኣይቲ ከወዳድር ስለ ዝተበረሃኒ፡ ማለተይ እኳ ኢንተ ዘይ ኮንኩ፡ ንናይ ክልቲ ኣተን ኩነታት ኣተሃላልዋ፡ ንምብራህ ግን፡ ኣገዳሲ እዩ።

ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ካብ ዝሰረጾም፡ ኩቱር ጽልኢ ዝነቐለ፡ ብማእከልነት መለስ ዜናዊ ዝቐለሱ፡ ንሳቶም እቶም ገዳይም ተጋደቲ ሓርነት ትግራይ፡ ኣዲስ ኣበባ እቱው ምስ በሉ፡ ጌና ዶሮና እግረም፡ ከይ ነገፉ እንከለዉ፡ ከብጽቡጹ ጀሚሮም። ክሕደት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ኤርትራ፤ ንዕቀት ኣብ ልዕሊ ኣምሓራን፡ ካልኦት ማሕበረሰባት ኢትዮጵያን ተተኩሱ። ድሕሪ ቁሩባት ዓመታት፡ "ሜስ ንዘይ ፈልጦስ የጥርጦ" ከም ማለት፡ ቁማሎም ምስ ኣራገፉ፡ ካብ ኣባጅጎ ንላዕልሊ፡ ሓይሊ ከም ዘለዎም መሲሎም፡ ክፍኩሩልና ጀሚሮም።

ብፍላይ፡ ንሃገረ ኣርትራ ንዝምልከት ከኣ፣ ኣግህድ ኣቢሎም፡ ንሰራዊት ሻዕብያ ኩዳቓቕዎ፡ ከም ምኺኖም ነቢሖም። ሕልሞም እንተ ዝሰምረሎም ነይሩ ድማኒ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ኣምበርኪኾም፡ ኣብ እግሮም ከስግድዎ ከም ምኺኖም ነዲሮም። "ትምክሕቲ ኤርትራውያን ክንሰብሮ ኢና" እዮም ዝበሉና። ደምና ክሰትዩ። ኣየኖት ኤርትራውያን እዮም፡ ምስ እዞም ሰተይቲ ደምና ዝኾኑ፡ ተጋደልቲ ናይ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይ፡ ቡን ዝሰትዩ ዘለዉ? ብሓዊ ምጽዋት እዩ።

ወይልኺ ትግራይ - እዞም ተጋደልትኺ ዕዳ ኣጥቢቖሙልኪ ከይ ኩዱ። ዝከ ኣለኪ እንተ ደኣ ኮይኑ፡ ቅድሚ ምኻዶም ብኣጋኡ፡ ዕድኦም ክኸፍሉ ከም ዘለዎም፡ ክት ውከስዮም ከድልየኪ እዩ። ዝበልዕዎ ሓኒቖምም ዓቕዒቕ ይብሉ ስለ ዘለዉ፡ ምድሪ ባሕርን ንስኸን ከኣ፡ መላምቲ ሓዊ ስለ ዝኾንክን፡ ካብቲ ቆሸቶም ዘለው መሬት ምድሪ ባሕሪ፡ ቅድሚ ዝኣገር* ዕዶኦም ከፊሎም ክፋነዉ፡ ክት ውከስዮም ከም ዘሎኪ ኣይትሕመቒ።

ንሳቶም እዞም ደቂ ሓላልኪ፡ መላምንቲ ሓዊ ከስእኑኺ መታን፡ ምኳን ደኣ ኣብዩዎም እምበር፡ ክንደይ ፈተነታት ፈቲኖም ስለ ዘይቅንዓሎም፡ ሕጂ እውን ኣይ ደቀሱን ዘለዉ። ድቃሶም ትንኣስ። ክሳብ ትንፋሶም ዝሓጽሮም፡ ኣብ ኹናት ምስ ተሳዕሩ፡ ጌና ኣይ ዓረፉን። ኣብ ሓዲሽ ኩናት ብናይ ቐለም ድማ ጸሚዶሙና። ኣብ ትሕቲ ሞጉዚትነት ኣሜሪካ ኮይኖም ዝተዓወትዎ ዓወት እንተሎ፡ ማዕቀብ ኣብ ልዕሊ ኤርትራ፡ ብሕቡራት ነገስታት ዓለም ተበይኑላ። ሕጂ እውን፡ ብዝኸፍኤን ኣስጋእን ብዝኾነ ተበግሶ፡ ከበድቲ ክስታት ይቕጽሉ ኣለዉ።

ሓደ ካብቲ ሜላታቶም፡ ሰማይ ጠቀስ ጠቕነ ንምስራጽ፡ ካብ ኣዲስ ኣበባ ክሳብ ዋሽንግቶን ዲሲ፡ ብተላኣኸነት ኣማኒቱ ንመለስ ወይዘሮ ሱዛን ራይስ ኣቢሉ፡ ዝኣተወ መስማር "ዳ ድወድሺ"፡ ክሳብ ሕጂ ተደቒዲቑ ኣሎ ።

መለስ ዜናዊ፡ ምስ ኣሕዋቱ ገዳይም ተጋደልቲ ሓርነት ትግራይ ኮይኑ፡ ኣይ ኮነሉን ደኣ እምበር፡ ሕርሕራይ ገቢሩ ከበላሸወና ኣይ ፈተነን'ድዩ? ፈሺሉ። ናይ ጃንሆይ ሕልሚ፡ "ኤርትራ ምድራ'ምበር፡ ኣየድልየናን ህዝባ" እትብል ሓደገኛ ጠመታ ከም ዝፈሸለቶ ንፈልጥ ዲና? እንተ ንፈልጥ ኮይና ከኣ፡ ሓጥያትና ኣቡኡ ከም ዝተወደኤ ይመስልና ድዩ? ኣይ ተወድኤን።

ካብ ጃንሆይን ደርግን ዝሓሰሙ ጸላእቲ፡ ንዓና ጥራይ ዘይ ኮኑስ፡ ንመላእ ኢታ ኢትዮጵያ እትበሃል መሳፍሒ፡ ኣጋጢመሙና ከም ዘለዉ፡ ከመይ ገቢርና ዘይ ስቆረና? ንዓና ዝመስሉ፤ ቋንቋና ዝዛረቡ፤ ዘዝ ቀረብናሎም ጸሕሊ ዝሰብሩ፤ ጥውጥዋይ ዝልቦም፤ ብጽፍሒ ኢድናን ግልብጥሹን ከይ በቐቕና፡ ከም ዘይ ተዋረድናሎም፡ እንታይ ድዮም ዝብሉ ዘለዉ? ሓሳርና ኣይ ተወደኤን።

መልሲ ናቶም - ከነ ምበርከኽክን ኢና። ንመን? ንኤርትራውያን።

1. መቓብርና ፍሒሮም። ኣዕጽምትና ብናይ ኣራዊት ግዳም፡ ከም ዝብላዕ ዝገብሩ።
2. ብጽልእና ሓሪሮም፡ ዓይኖም ደም ዝሰረበ፤
3. ክርእዩና ፍዒዕ ዝበልናዮም፤
4. ንብረትና ዝራሰዩ፤
5. ከም ኣኽላባት ዘሳጉጉና፤ . . . ወዘተ።

ነዚ ኣቶም ሰብ ስሪ እዚኣቶም፡ መሓዙትና እዮም ዝብል ተቓውሞ ኤርትራ፡ ብዘየዳግም ከየጽንቱና መታን፡ ኣጻብዕቶም ካብ ቃታ ከላሽን፡ ከእርንቡ ዘይ ንሓቶም ግዳ?

ነዛ ኣምር ናይ ጃንሆይ፡ ከም እንደገና ጸጊኖም፡ ከተግብሩዋ፡ መለስ ዘሰልጠኖም ወያናውያን ተጋሩ፡ ክሳብ እዛ ሰዓት እዚኣ ይጽዕሩላ ኣለዉ። ንሳ ከኣ "ኤርትራ ህዝባ ደኣ'ምበር፡ ምድራስ ኣበይ ከይ ከደና" እትብል እዩ። ሓደ ካብ ኣቶም፡ ኣቦና ኣይግበሮም፡ "ኣቦይ ስብሓት ነጋ" ዝብልዎም እዮም።

ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ንሓንቲ ናይ ሰድራ ቤት መንበሪት ገዛ፡ ብሓዊ ምስ ኣቃጸልካያ፡ ነታ ስድራ ዝወርዳ ጉድኣት፡ ክብደቱ ክሳብ ክንደይ ይኸውን? ኣዝዩ ከቢድ። ደገ ሓደር ትኸውን። እዛ ደገሓደር እትኸውን ስድራ እዚኣ ድማ፡ ፈትያ ጸሊኣ፡ ናበይ ትውደቕ? ናብ ስደት። ከም ኣብ በዓል መን? ከም ኣብ በዓል ወያናውያን። ሕልሚ ናይ ወያናውያን ከምኡ እዩ።

ነዛ ነቓጽ ዝኾነት፡ ዓረባዊት ምድሪ ኤርትራ፡ ብዝኾነ ናይ ኣተገባብራ ምርጫ ተጠቒምካ፤ ምስ ኣበሳበስናያ፡ እቲ ህዝቢ ኣብ ዝኸዶ ስለ ዘይ ብሉ፡ ናትና ክኸውን እዩ። ኣብ መቐለ፡ ዓረብያ ከደፍኣልና፤ ጫማና ከውልውለልና፤ ዓጣላ ክኾነልና . . . የድልያና እዩ። "ህዝቢ ኤርትራ ደኣ እምበር፡ ብዘይካ ክልተ ወደባታ፡ ካልእ መሬታ ኣየድልየናን" ንማለት እዩ።

መለስ ምስ ተዓዝረ፡ ኣቦይ ስብሓት ነጋ ከኣ፡ መቓብሮም ኣይ ትኮዓትን'ያ። እዞም ሃላው ሰብኣይ እዚኦም፡ ህዝቢ ኤርትራ ማአት ንየኦም፡ ከም ሓደ ኣቕሓ፡ ኣብ ናይ መሸጣ ዕዳጋ ኣውሪድካ፡ እትሸጣን እትልውጣን ሕሱር እዩ።

ብኸመይ ክፍጽምዎ ይኽእሉ ንዝብል ሕቶ ድማኒ፡ ከምዚ ዘይ ናህና ሰብ ዘይ ኮኑስ፡ መኣስ ሃሱሳት ኮይኖም? ንድልየታት ወታራት* መንግስታት፡ ጉልባቦም ቀሊዖም ከርውዩ፡ ድሕር ይብሉ ድዮም? ሻጥራት እኳዮም። ትማሊ ኣልባናውያን፤ ሎሚ ናይ ዋሽንግታውያን፤ ጽባሕ ንጉሆ ከኣ፡ ናይ ሞስኮባውያን ካርታ ከልዕሉ፡ ዘጸግሞም ኣይ መስልን። ንዝኽእሎ- ናይ ፖለቲካ ቀሊሎስ ምዃን፡ ንግዚኡ ኣኸሳቢ እዩ። ወያነ፡ ሕጂ ድማኒ፡ ዝሸየጡ ተረፍ መረፍ ፈላሻ ግዲ ኣሊዮሞም ኮይኖም፡ ቀ/ም እስራኤል ናተንያሁ፡ ናብ ኣዲስ ኣበባ ነጊዱ ከይዱ። ከም ፖለቲካዊ ቅርሰናዶ ኮይኑ ኣየስምዕን?

ወይ ትጉዳ ኤርትራ፡፡ ኣብዛ እንነብረላ ዘሎና ጋሕማጥ ዝኾነት ዓለምና፡ ናይ ፖለቲካ ቀርሰንቲ እንታይ ድዮም ዝገብሩ ዘለዉ? መርማሪት ኮምሽን, COI, እትውንነን ክልተ ጃለቡ: ናይ ቅርሰና ፖለቲካ፡ /ጁቡቲን ሶማልያን/ ተልእኮኤን ከመይ ከም ዝነበረ፡ ኣብ ጀነቫ ተሰሚዑን ተራእዩን እዩ። ብኹሩምተይ'ዩ ዘስሕቀኒ።

እዛ ጻዕዳ ገዛ ናይ USA፡ ምስ እዛ ክንዲ ጽፍሪ፡ ዘይ ትኣክል ኤርትራ ክትተሃላለኽ፡ ፊን ከከም ዝበላ ክትገብር መታን፡ ሕፍረታ ዝቐንጠጠት እያ። ኣብ ዘዘበኑ፡ ናይ ፖለቲካ ቀርሰንቲ ጃለቡ፡ ኣብ ቀይሕ ባሕርና፡ መሰዋፈርት እያ። ኣብ መወዳእታ ናይ 20 ክፍለዘመን፡ ናባና ዘተኮረት ሓንቲ ጃልባ ናይ ፖለቲካ ቅርሰና፡ እትየ ሱዛን ራይስ እትጅለብ ተመዲባ።

እትየ ሱዛን ራይስ፡ ስእላን ቃላታን ከም ዝሕብሮ ዘሎ መጠን፡ ምስ መለስ ዜናዊ ዝነበራ ምሕዝነት፡ እንድዒ ከኣ እምበር፡ ርሱን ዝኾነ ውልቃዊ ሽርክነት፡ ከም ዝነበሮም እዩ ዝመስል። ሕርሕራይ ገቢራ ድማ ዓኪሳትና*። ንመለስ ሆየ፡ ናይ ፖለቲካኣ ተኾሻሚ፡ ከም ዝኸውን ገቢራ፡ ብቐሊሉ ኣንገርጊራቶ። ብኣሜሪካ ከሕርደና፡ ኣሕሊፉ ሂቡና።

ናይ ወያነ ነገር፡ ከም ኣልባናውያን ኮይኖም፡ ነቲ ብኣሜሪካ ዝመሓደር ዝነበረ ሃጸይነት መኪቶም፡ ሰፍ ዘይ ብል መስዋእቲ መንእሰይ ተጋሩ፡ ከፊሉ ዝተዓወተ ከብቅዑ፡ ግልብጥ ኢሉ ድማኒ፡ ናይ ኣሜሪካ ኩርኩር ኮይኑ ክበቅዕሲ ሕስረት ናይ ኣፍሪቃ እዩ። ልእኽቲ ዋሽንግተን፡ ሱዛን ራይስ፡ ኣንጻር ኤርትራ ደው ክብሉ፡ ስሬኦም ኣፍቲሓቶም። ኣብ ክንዲ ምስ ኤርትራ ሰላም ምግባር፡ ናይ ኣሜሪካ ኩርኩር ክኾኑ መሪጾም።

እዚ ናህና ጠረው ሰብ ከኣ*፡ ምስ እዚ ኩሉ መንፈዓቱ ክነሱ፡ "ዓለም ብስያሳ ኩዑሶ ድማ ብሞሳ" ኣብ ክንዲ ገይሩ ዝጻወት፡ ፈጽ ኢላ ክሳብ ትስወሮ: didn’t he say about her something like this – unexperienced 30 years young diplomat? ብኸምዚ ዝተቖናጸበት እዛ እትየ፡ ሕነኣ ከትፈዲ ግዘ ኣይ ወሰደላን። እዚ'ኳ ከውሕደና። ተመልከቱለይ ጥራይ።

*እዘን ንርእየን ዘሎና ሰለስተ ማንቲት ዝመስላ መልከዔኛታት፡ ብሳዕሲዒትን ቃለትን ፍቕረን ይገልጻ። ሰለስቲኤን፡ ከም ሓንቲ ሱዛን፡ ኮይነን እየን ንዓይ ኣብዛ ልበይ ዝኣትዋኒ።*



*ቦዮንስ*



*ሱዛን*



*እመበት*

*እዘን ክልተ ደረፍቲ/ሳዕሳዕቲ እትዮጵያውያን፡ ናይ ፍቕሪ ደርፈን ክደርፍኦ እንከለዋ፡ ኣብ ሓንጎለይ ዝቕረጽ ስእሊ፡ ሱዛን ራይስ፡ ንመለስ ትደርፈሉ ዘላ፡ ከም ኮይኑ ይረኣየኒ። ንሳ እውን ንባዕላ፡ ኣብቲ መዓልቲ ቀብሩ ዝተኻየደሉ ፈነው፡ ብሙዚቃ ደኣ እዩ ዘይ ተሰነየ እምበር፡ ደሪፉትሉ/ቆዚማትሉ* እያ። ብድሕሪኡ ግን፡ ኣፈቖደአ መድያ መዛረብ ሰብ ኮና እያ።*

*1. ጠውቕ > [Beyonce](Beyonce) - የኔ ጌታ ኣምበሳ ነህ ትብል።*
*2. ጠውቕ > [Emebet](Emebet) - ከኣ ምን ይሻላል? ተውተው በሉሉኝ፡ እና በለት ክትቅንዞ እንከላ፡ ሱዚኖ ኣብ ቀብሪ 3.*
*3. መለስ ዝበለቶ፡ ከም ከምኡ ኮይኑ እዩ ዝስመዓኒ።*
*4. ጠውቕ ደርፊ > [Suzino](Suzino)*
***5.** ጠውቕ > **[suzan](suzan)** U.N. Ambassador Susan Rice made the case for humanitarian action in Libya By Massimo Calabresi Thursday, Mar. 24, 2011*

*እትየ ሱዛን፡ እንታይ ድያ ዝበለት? ዓንጠረኛ መለስ፡ ንዓኣ እንታያ ድዩ ነይሩ? ገለ ደኣ ፈይ ኣቢሉላ ከይ ከውን? እዞም ዓንጠረኛኳ፡ ዘይ ገብርዎ የብሎምን። ባዕላ ዝመለሸቶ መልሲ ንስመዓዮ እሞ። "... for the idiots as he called them ..." ክትብል እንከላስ፡ ንመን ማለታ ከም ምዃና ገጢመያሎኹ*።*

*It is shamefully offending - how ... how... how... on earth a suuppossed dignified representative of the great USA fall into such a deep black hole. ከም ዘራይ ናይ መለስ ኮይና: ንሕና ኤርትራውያን ከኣ: "idiots" ማለታዶ ኣይ ኮነን ዘስምዕ። መን እዩ "idoot" ንሳ ዶስ፡ ወይስ ተረካብ ይዓድዮ ከም ዝበሃል፡ ንሕና ኤርትራውያን?*

*ብሳላ ፕረሲደንት ባራክ ኦባማ ዝሻደነት፡ ቀይዲ በተኽ ኢትየ ሱዛን ራይስ፡ ኣብ ልዕሊ መለስ ብዘካየደቶ ትርኮ፡ ንሽንሃት/ሸውሃት ናይ መለስ - ማለትሲ፣ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ኣበራቲዑዎ። መለስን መሻርኽቱ ሰበስልጣን ገዳይም ተጋደልቲ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይን፡ ናይ ኤርትራ ናዚስት ሂትለራውያን፡ ኮይኖም ዝበቕዑ እዮም። ሂትለር ከም ንዝጽዮናውያን፣ እዚኣቶም ከኣ ሂትለራውያን ንኤርትራ እያቶም። ማንም ኤርትራዊ፡ ምስ እዞም ናዚስት ናይ ኤርትራ ዝኾኑ፡ ገዛእቲ ናይ ኢ.ይትዮጵያ ዝጫኖ፡ ወይልኺ ኤርትራ። ከይ ተወልዱ፡ ደም ኮይኖም ከይዶም እንተ ዝነብሩ ኣይ መሓሸኪ ንዶ?*

*መልሓስ መለስ ከም ዝበለቶ፡ መንግስቲ ኤርትራ ማለት - "ስርዓት ሳሕል" እዩ። ነዚ ኣበሃህላ እዚ ዝረዓምዎ ዓነዝር ሜድያ ከኣ፡ ከም "ስርዓተ ጫካ"* ገይሮም ኣዋሪደሞ። ካብዚ ኣበሃህላ'ዚ ዝመንጨዉ ሳዱታት፡ ተር ከም ዓተር፡ ክሳብ ሰሜን ኮርያ ዝበጽሑ ኮይኖም፡ ኣዲኦም ትቑጸሮም።*

*መንግስቲ ኤርትራ ማለት፡ ብናይ እዚ ተኾሻሚ ዝኮነ ተቓውሞ ኤርትራ፡ ዝውቱር ኣበሃህላ ከም ዝስማዕ፡ ካብቲ ብዙሕ ሒደት ምስ ንተኩብ፡-*

- *መንግስት ኢስኩኒስ፣*
- *መንግስቲ ኢሳያስ፣*

- *መንግስቲ ሸፋቱ፤*
- *መንግስቲ ህግደፍ፤*
- *መንግስቲ ሓማሰን፤*
- *መንግስቲ ክስታን፤*
- *መንግስቲ ተጋሩ . . . ወዘተ፤*

*ከም ኮይኑ ይጥቀስ።*

*ንተግባራቱ ዝምልከት፡ ዝብልዎ ከኣ፡ ካብቲ ብዙሕ ሒደት ምስ ንተኩብ፡-*

- *ብሕጋዊ ሃገራዊ ቅዋም ዘይ ቅየድ ዓማጺ ዲክታቶርያ - እዚኣስ ሓቆምዮም፤*
- *ኣብ ልዕሊ ጎረባብቲ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ፡ ከም ዘራግ ሰላም ኮይኑ፡ ዝናኸስ ኣሸባሪ፤ - ሓሶት፤*
- *ምስጥራዊ ዕማሙ ድማ፡ ንህዝቢ ኤርትራ ንምጽናት ዘንቀደ ኮይኑ፡ ናይ ጸዮንነትን ኣሜሪካነትን ኣገልጋሊ፤ - ሓሶት፤*
- *ናይ ሻዕብያ ወይ ድማኒ ናይ ኢሳያስ ተንኮል፡ ነቶም ኣብ ትግራይን ኤርትራን፡ ተፋርዮም ዘለዉ ብሔረ ኣግኣዚ ኣስሚርካ፡ ንሳቶም ዝውንንዎ ስልጣን፡ ንመላእ ኢትዮጵያ ዝገዝእ፡ ሓደ ሓያል መንግስቲ ናይ "ትግራይ ትግርኚ" ዝበሃል ንምቛም እዩ ይበሃለለይ! - ሓሶት፤*
- *ምስ ከሰሰ ዘይ ፈርድ፤ ምስ ኣሰረ ዘይ ፈትሕ፤ - እዚኣስ ሓቒ ያ፤*
- *መራሒ ስቅያት፡ ወዘተ ኮይኑ፡ - ሓሶት፤*

*ንሳዕቤናቱ ዝምልከት ዝበሃል ድማኒ፡ ካብቲ ብዙሕ ሒደት ምስ ንተኩብ*

- *ሸቕለተ ኣልቦ፤*
- *ድኽነት፤ ሕማም፤ ሞት ወዘተ፤*
- *ድንቁርና፤*
- *ኢንኮ ዩኒቨርስቲና - ኣስመራ ዩኒቨስቲ ተዓጽያ፤*
- *ርመሳ ከንከን ጥዕና፤*
- *ፈዋሲ ወይ መድሃኒት ሕማማት ዘየልቦ ፤*
- *ጽልግልግ ናብራ ኣብ ኣስመራ - ብርሃን ኣብ ሀገረሰብ ዘሎ፡ ኣብ ግምት ከይ ኣተወ፤*
- *ጽምኢ ማይ ኣብ ኣስመራ - መላእ ኤርትራ ከም ዝጸምኤት፤*
- *ከብሪ ዕዳጋ - ዕዳጋ ዓለም ኣብ ግምት ከይ ኣተወ፤*
- *ምፍንቓል መንእሰያት - እቶም መንእሰያት ንባዕሎም፡ ኣብ ዕዳጋ ኒጋዶ ሰባት፡ ከሸየጡን ከልወጥን፡ ብወለንትኦም ተሳጣሕቲ ከነሶም - መንዶ ተሸየጡ ኢሊዎምዩ ዘይ ባዕሎም?*
- *ተነጽሎ ወይ ዝኽትምና ካብ ማሕበረሰብ ዓለም - ኣሜሪካ እት ቆጻጸሮ ሽርሒታት ከነሱ፤*
- *ጥፍእቲ ሃገር ፤*
- *ከተማ ኣስመራ ተደዊና፤*
- *ከተማ መቐለ፡ ነስመራ ኣርኪባ ዝቐደመታ፤*
- *ባህልና፤ ቅርስና፤ ሕጊ እንዳቦና፤ . .ኩሉ ተረጊጹ፤ ተጋሂሱ፤ ዓሪቡ ይበሃል። - ሓሶት፤*

*እም ደኣ፡ ሸፋናት ኣንስቲ፡ ካብ ኣግነተን ወጺኤን፡ ጸሓይ ዓለመን ክርኢያ፡ ሓራ ስለ ዝወጻን፡ ኣብ ወፍሪ ህንጸት ሃገር ከኣ፡ ቆልዓ ኣብ ዝባነን፡ ባዴላ ኣብ ኢደን ሒዘን፡ ገሊኤን ምስ መቕንዓተን ገሊኤን ድማኒ ብዘይ መቕንዓት፡ ስለ ዝተሳተፉ፤ ከምኡ ድማ፡ ኣዋልድ ንኺይከንሸባ ሻዕብያ ስለ ዝሓገዘ ድዩ?*

*ካብ ገለ ናይ ባህላዊ ሕጊ'ዳባ፡ ከም ዝብሎ ምስ ንዘክር፡ ንሓንቲ ጓል ኣንስተይቲ ዝዓመጸ ሰብ፡ ነታ ተዓማጺት ጓል፡ ወንጮ ክኸሕሳ ከም ዘለዎ ይፈርድ። ሕጂ ግን፡ ከምዚ ዝበሃል ዝነበረ ሕጊ'ንዳባ ተሪፉ እዩ። እዝን ዝኸምዝን ዘይ ቁኑዕ ካሕሳ፡ ስለ ዝተረፈ ድዩ፡ ሕጂ ባህልና ተመራሲሑ ዝበሃል ዘሎ? ጓል ከነሕስም እሞ፡ ወንጮ ክሒስና፡ ነጻ መታን ክንወጽእ ማለት ድዩ? ባህልና . . ባህልና... ባህልና . . ዝበሃለለይ ዘሎ?*
*ባህሊ ማዕባሊ ደኣ እምበር፡ ከም ሓደ ከይ ተንቀሳቐሰ ተዓኒዱ ዝነበር ደረቕ ስእሊ፡ ከም ገይሮም ዝርድእዎ ዑኑዳት ሰባት፡ ኣብ ዘይ ለዓቱ ከእትውዎ የኣይስ፡ ባህሊ . . . ባህሊ... ባህሊ . . . ክብሉ ንሰምዕም ኣሎና። እዛ ድሕረት ትበሃልሰባ፡ ዘይ ትብሎ ዘረባ የልን ዩ!*

- *ዓዲ ዝተረፋ የብላን ጥሒላ ኢያ፤*

- *ነዚ ገዲም ተጋዳላይ ናህና ሰብ ድማ፡ እንሓንስብ ሞይቱ፤ እንሓንሳብ ሓሚሙ፤ እንሓንሳብ ዓንዚሩ፡ ከብሃል ምስ ጸንሔ፡ ሕጂ ከኣ ማይ ዘይ ጠዓመ ሓዲሽ ወረ፡ ዝገብሮ ጠፊኡዎ ስለ ዝተበሳጨወ፡ በተ ጽሕፈቱ ዓጽዩ፡ ንዓዲ ሃሎ ቆሽቱ ተባሂሉ። ወይ ትጉደና! ዘረባ ደኣ ይስዕረና ከይህሉ?*
- *ኣብ ሓለዋ ምክልኻል ሃገር፤ ኣብ ሀገራዊ ኣገልግሎት፤ ኣብ ወፍሪ ማእቶት . . . ንዘተዋፈራ ጀጋኑ ደቂ ኣንስትዮና - ከም ናይ ጾታዊ ከደምቲ፡ ምኽንን ኮይነን ይሓስራ።*

*እቲ ሕቶ ግን? ኣበየናይ ዓልም እዩ ውትህደርና፡ ናይ ክልተ ጾታታት ብማዕረ ንሃገር ዝከላኸል፡ ብዘይካ ኣብዛ ቃንዴል ናይ ኣፍሪቅ ዝኾነት ኤርትራ? ንቀበሎ ኣይ ንቀበሎ፡ ከከም ናይ ብሕትና ጸላም ዓይኒ እትርእዮ መልክዕ፡ ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ከምቲ ሓቅስ፡ ሰውራ ኤርትራ ማለት፡ ኣብ መዛግብ ታሪኽ፡ ውዒሉ ሓዲሩ፡ ንናይ ጸላም ኣፍሪቃ ሰውራዊ ኣብነት ዘጠቓለ፡ ከም ምኽኑ ክእመን ከም ምኽኑ ይኣምን ኣነ።*

*ናይ ክልተ ጾታታት ምኩሽሻም፡ ስለ ዘይ ተርፍ ከም ምኽኑ መጠን ግን፡ መን እዩ ኣኳሻሚ፡ መንከ እያ ኣኳሻሚት ንምፍላጥ፡ ናይ መጽናዕቲ ግደ ይኸውን። ንምምልካት ጥራይ ግን፡ ብዛዕባ ተመሳሳሊ ኣርእስቲ ምስ ንምልከት፡ ኣብ ሰራዊት ፐንታጎን ጾታዊ ምጉርምራም፡ እንታይ ከነግረና ከም ዝኽእል ንሕተት? ብጽሕዎ*።*

- *ወዘተ*

*ንተቓውሞ ዝምልከት ከኣ፡ ዘይ ተባህለ ነገር ኣይ ተረፈን።*

- *ተቓውሞ ዝበሃል የሎን። እንተ'ሎ ከኣ*
- *ጣሊባናዊ፤*
- *ጀሃዳዊ፤*
- *ኩናማዊ፤*
- *ብሌናዊ፤*
- *ቀይሕ ባሕራዊ፤*
- *ዓፋራዊ፤*
- *ጀበርታዊ*
- *ከበሳዊ፤*
- *መታሕታዊ፤*
- *ወያናዊ፤*
- *ዕሱብ ናይ መርማሪት ኮምሽን UN፤*
- *ኩዳዕ፤*
- *ዝሮምሮ፤*
- *ቀይዲ በተኽ፤*
- *ዕላማ በተኽ፤*
- *ኣብ ዝወዓሎ ዘይ ሓድር፡ ናይ $360^0$ ሽንኮለል ዓባየ ማሜሎት፤*
- *ወዘተ*

*እሞ ደኣ፡ እዚ ኩል ወርደታት፡ ነቲ መንግስቲ ኮነ ነቲ ተቓውሞ፡ ካብ ጫፍ ናብ ጫፍ፡ ብዜማን ሙዚቃን ዝተሓወሶ መጸለል፡ ካብ ተደከረ ናበይ ገጹ እዩ ክወስደና? ኣየነይተን መርከብ እያ ትጥሕል ዘላ?*

*ብግምት እንክርኤ ከሎ፡ ኣየነይቲ መርከብ ትጥሕል ከምዘላ፡ ከከም ክልተ ባህግታት፡ ወይ ድማኒ ራእይታት ዝወሰድዎ ርድኢታት ኮይኑ - ነቶም ተቓውሞ ዘበሉ፡ መርከብ መንግስቲ ትጥሕል ከምዛላ እዩ። በንጻሩ ድማኒ፡ መርከብ ተቓውሞ ድሮ ከም ዝጠሓለት እዩ። እቲ ክውን ነገር ግን፡ ዝበሃግካ እንተ በሃግካ፡ እቲ ኣብ ባይታ ዘሎ ጥራይ እዩ ዝውሰኖ።*

*ንሱ እውን ከከም ዓይኒ ጠማቲኡ እዩ ዝብሉ እውን ኣለዉ። ልክዕ። ኩሉ ጠመተ* ግን፡ ሓደ ዓይነት ስለ ዘይ ኮነ፡ ናይ ገለ ጠመተ፡ ናይ 20/20 ንጹርነት ዘለዎ ክኸውን እንከሎ፡ ናይ ገለ ጠመተ ከኣ ዝርግርግ* ዝበለ ክኸውን ስለ ዝኽእል፡ ከከም ጠማቲኡ ዘይ ኮነስ፡ ከከም ረኣይኡ እዩ። ሕራይ። ሽበሽብ - ንኺድ ጥራይ።*

በዚ ናይ ሎሚ እዋን፡ ዝካየድ ዘሎ ኣዋጣሪ ናህሪ ኣብ ግምት ምስ ነእቱ፡ ቀንዲ ረቛሒ* እዩ፡፡ ኣብ ዞባናን ዓለምለኸ ፖለቲካን፡ ምስ ዲፕሎማስያታቱን ሽጣራታቱን፡ ደማሚርካ እንክርኤ ከሎ፡ ወሊድዎ ዘሎ ክስተታት፡ ኣዝዩ ሓደገኛ እና ኮነ ይመጽእ ኣሎ፡፡ እቲ ሓደጋ ድማ፡ ንሃገርና ጥራይ ዘይ ኮነስ፡ ንምልእቲ ዓለም ዘናውጽ ዘሎ፡ ኩነታት እዩ። ነዛ ሓያል ኣሜሪካ፡ ከይ ነሓፈ ዘናውጽ ዘሎ ኩነታት እውን እዩ።

ወጥርታት ናይ እምበራጦራዊት ኣሜርካ እውን፡ እና ተሸናኸራ ይመጽእ ከም ዘሎ፡ ሕሹኽሹኽ ይስማዕ እዩ። ብሰንኪ ኣሜሪካ፡ ኣብ ምጽኣታት* ተበጺሑ ከም ዘሎ ድሮ ይውረየሉ ኣሎ። ከምተን ዝሓለፋ ናይ ታሪኽ እምበራጦራት፡ ዝኸድኦ ዝነበራ ውድቀት፡ ናብኡ ገጻ ቀኒዓ ከም ዘላ ዝሕብር ጨና ይሸትት እዩ። እቶም ማዕበላት ብኽምኡ እና ነሃሩ እንክለዉ፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ክስተታት ከኣ፡ ንዕዘብ ኣሎና።

ሀ) ብናይ ንግስነት ሰዑድያ ዝምእከል፡ ናይ ሃገራት ማእከላይ ምስራቕን ቀርኒ ኣፍሪቃን፡ ዘጠቓለለ ምሕዝነት ተወዲቡ ይርከብ። እዚ ንኣሜሪካ ሕማም ርእሲ ኣሕዲሩላ ኣሎ።

ሁ) ፈርከሽከሽ ናይ ሕብረት ኤውሮጳ፤

ሂ) ቁጠባዊ ሕየላ ቻይና፤

ሃ) ሕየላ ናይ ሩስያ በቲ ሓደ ወገን፤ ናይ ጀርመን ድማኒ በቲ ሓደ ማዕዶ፡ ድግማ ናብ ሕሉፍ ታሪኽ ዝኸሰት ዘሎ ዝመስል፤

ሄ) ምዕልባጥ እስራኤል። ክሳብ ናብ ደምበ ሕብረት ኣፍሪቃ ከም "a nigger observer "መሲላ ክትኣቱ ትፍትን ምህላዋ፤

ህ) ቀንጠብጠብ ኣእዳው፡ ናይ ኢራንን፤ ሰሜን ኮርያን

ሆ) ግብረ ሽበራ ተባሂሉ ዝጽዋዕ፡ ኣብ ናይ እስላማዊ ሪቮልሽን ኣቢሉ ከይ እንፍት ዘሎ ስግኣት፤

ለ) ሚዛን ሓይሊ ናይ ኣሜሪካን ብሪጣንያን፡ ንቑልቁል ኣቢሉ እና ዘጠጠ* ምምጽኡ ወዘተ።

እዚ ከምዚ ኢሉ እንከሎ፡ ነዘን ዝተጠቕሳ ናይ ባሕሪ መጎዓዝያታትና፡ ከጥሕለን ድዩ ወይ ከንሳፍፈን፡ ሓደ ካብ ክልቲኡ ክኸውን እዩ። ንኺድ ጥራይ።

ንሕና ተቓወምቲ ኤርትራኽ፡ ኣብዚ ማዕበል እዚ ህላዊና ከመይ ይመስል? እንተ ደኣ ጡርኑፋት ኢና ንብል ኴና ማለት እዩ። ጫቑጫቕ ናይ ምባል ዘይ ኮነስ፡ ተማእኪልና ዝተወደብና እንተ ደኣ ኴና? ከቦሮናን እግርናን ነንበይኖም ምስ ዝሃርሙ ግን፡ እታ መርከብ፡ ነዚ ዝንህር ዘሎ ሓያል ማዕበል፡ ናይ ዓለምለኸ ፖለቲካ፡ ክትሕምብሶ ስለ ዘይ ትበቅ ትጥሕል።

ጃልባ ጀነቫስ ርኢናያ። እታ መርከብ ደኣ ኣበይ ከደት? ጥሒላ ማለት ድያ? ማለትʼዩ። ጃልባ ጀነባ እውን፡ መን ከም ምኧኑ ጀላቢኣ፡ ክሳብ ሕጂ ዝሰማዕናዮ፡ ዕላዊ ሓቤሬታ ስለ ዘይ ተረኽበ፡ ንሳ እውን፡ ከም ዝጠሓለት እዩ ዝግመት። መርከብ መንግስቲኸ?

መርከብ መንግስቲ ኤርትራኸ፡ ትጥሕል ድያ ዘላስ ተንሳፍ? መልሲ ንናይʼዚ ሕቶʼዚ ዝምልከት፡ ኣብ ጉዕዞ ናይ ሕሉፍ ፍጻሜታትን፡ ኣብ ናይ መጻኢ ጠመተታትን ዕድላትን ከመይ ከም ዝመስል ወሳኒኡ እዩ፡፡ እንተ ደኣ፡ ከምቲ ንቆፎ ናይ እቲ ህርኩትን ጻዕረኛን ዝኮነ ዕስለ ንህቢ፡ ብትኪ ዓጢንና ምስ በርበርናዮ፡ እንረኽቦ ድራር ስድራ፡ ቆፎ ምሉእ ሰፈፉ መዓር ጽጌናይ እዩ፡፡

ብኸምዚ ኣገባብዚ፡ ንቆፎ ኤርትራ ብትኪ ዓጢኖም ዝበርበርዎ በርበርቲ፡ ንክልተ ኣማኢት ዓመታት፡ ንመላእ ህዝቢ ኤርትራ ከምግብ ዝኽእል፡ ሰፈፉ መዓር ጽጌናይ፡ ካብ ደንካልያ ጥራይ፡ ይነዝዕ ከም ዘሎ ተበሽሩ ኣሎ። ኣብሸርና! እታ ዓሰብ እትበሃል ወደብና ክኣ ኩነታታ እናተኾልዔ ይመጽእ የሎንʼድይ? እቲ በንዝን ወዲ በንዝን ዝበሃል እውን፡ ተጨንዲሑ ዒሕ ይብል ስለ ዝነበረ፡ መዓልቱ ኣኺሉ ሕጂ፡ ክቕዳሕ እዩ ዝበሃል ኣይ ሰማዕናን እንዲና። በዚን ዝኸምኡን ዞባዊ ምዕባሊታት፡ ንመራሕቲ ህዝባዊ ሓርነት ትግራይ፡ ኣጨነቖዎም ይርከብ።

እታ መርከብ ከኣ፡ ንብኹሉ እንትንኣ፡ ማለትሲ - ደጋውን ውሽጣውን ኣካላታ ተቓንዩ* ነቕ ከይ በለት ትንህር ከም ዘላ፡ ኣሜሪካ ከም ኣመላ ክትሕስድ እንተ ዘይ ደልያ፡ ብጋህዲ ክትምስክሮ ትኽእል እያ። ንምታይ ድያ፡ ኣሜሪካ፡ ሕጂ ከኣ ከም ልማዳ፡ ንሓንቲ ወዘር ነስመራ ልኢካታ ዝቐነየት?

*ኣሜሪካ፡ ነቲ ኣብ ገግዝኡ፡ ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍሪቃ ዝምዕብሉ ህውጻት ኩነታት፡ ስለ ዘሻቐላ፡ ከም መጥፈኢት ሓዊ ኮይና ዘይ ኮነትስ፡ ከም መባሪዒት ሓዊ ኮይና ክትጻወት፡ እትገብሮ ስራሕ፡ ከከም ኣድላይነታ፡ ወዘራዝር ከም በዓል እትየ ሱዛን ራይስ እና ለኣኸት፡ ነዛ ድንግል ዝኾነት ኣፍሪቃ፡ ሰላም ከይ ትረክብ መታን፡ ነንሓድሕዳ ኣብ ምንቛት ግደ ናታ ብርኩት እዩ፡፡*

*ነዋሕትን በላሕትን ኣጽፋር ኢድ ናይ ኣሜሪካ፡ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያት ኣፍሪቃ፡ እንተ ዘይ ሓናፍጡ ነይሮም፡ ቀ/ም ኢትዮጵያ ነበር፡ ተጋዳላይ ወያነ ሓርነት ትግራይ መለስ ዜናዊ ከኣ፡ እትየ ሱዛን ራይስ ቅምጽ እና በለት ኣረሳሲና፡ እንተ ዘይ ትዕድጎ ነይራ፡ ኤርትራን እትዮጵያ ሎሚ፡ ካብ ኣብዚ ሕጂ ዝሳቐይኦ ዘለዋ፡ ናይ ዝሑል ኲናት ጽምዶ፡ ምደሓና ነይረን። ነዚ ኩውንነት እዚ ዘይ ቅበልዎ ሃገራውያን ኤርትራ፡ ብፍላይ ከኣ እቶም ሽዳ ንረግጽ ኔርና ዝብሉ ዘጋታት፡ ዋኒኖም** ዘዕረቡ ክኾኑ ኣለዎም።*

*ብወለንታይ፡ ምናልባሽ፤ ከሕግዞም ዝኽእል እንተ ደኣ ኮይነ፡ ኣብ ገለ ገለ ናይ ሕሉፍ ፍጻሜታት፡ ንድሕሪት ተመሊሰ **ክእሰር** ስለ ዝኾንኩ፡ ተስፋ እገብር እወንታዊ ጽልዋ ከሕድረልና።*

## *ፍጻሜታ መንግስቲ ኤርትራ*

*ሀ) 1991-1998፡ ኣብ ውሽጢ ሸውዓተ ዓመታት ጥራይ፡ ርጉእን ትስፍውን ምዕባሌታት ተፈለመ፤*
*ሁ) 1998 - 2000፡ ናይ ክልተ ዓመታት ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ተፈጸመ፤*
*ሂ) 2000 – ክሳብ ሕጂ ፡ ዝሑል ኲናት ምስ ኢትዮጵያ ቀጸለ፤*
*ሃ) 2001 - ክሳብ ሕጂ፡ ቅዋም 1997 ተጓሕፈ፤ ፓርላማ ተዓጽወ፤*
*ሄ) 2009 - ክሳብ ሕጂ፡ ኣብ ትሕቲ ማዕቀብ ሕቡራት ሃገራት፤*
ሄ2) 1991 - *ክሳብ ሕጂ ግህሰት መሰል ኣብ ልዕሊ ናይ ሕልና እሱራት፤*
*ሀ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ልምዓት ሃገር፡- ስልጡን፤ ስሉጥን ኣፍራይን፤*
*ሆ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ነጻ ካብ ጥሜትን ዓጸቦን፤*
*ለ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ርጉእን ገሲጋስን ጽምዶ፡ ኣብ ሐለዋ ጥዕናን ክንክንን፤*
*ሉ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ርጉእን ገሲጋስን ጽምዶ፡ ኣብ ዓውዲ ትምህርትን ከነ ጥበብን፤*
*ሊ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ዑውት ፍሕተራ* ጺጋታት ማዕድናት፤*
*ላ) 1991 - ክሳብ ሕጂ፡ ድልዱል ሃገራዊ ምክልኻል፡ ጸጥታውን ወተሃደራዊን፤*
*ሌ) 1991 - ሕርመት ዲሞክራውያዊ ስርዓት፤*
*ል) 2016 - ትስፍው ናይ መጻኢ ፍሕተራ ባይርያዊ ጺጋታት፡ ኣብ ገማግም ባሕርን ደንካልያን፤*

## *ፍጻሜታት ተቓውሞ ኤርትራ*

*ብዛዕባ ንተቓውሞ ኤርትራ ዝምልከት፡ ስሩዕ ብዝኾነ ኣገባብ፡ ማለትሲ ዓንቀጽ ብዓንቀጽ እናጠቐስካ፡ ክትዛረበሉ ዘይ ከኣል ወሰን እዩ። ንባዕሉ፡ ይኸፋእ ይሕመቕ፤ ይንኣስ ይዕበ፤ ንቅንዕንኡ ዝምልከት ድማ፡ ይኸበድ ይፍኮስ፡ ዝውስን ኣገባብን ሜለን፤ ብስሩዕን ቁሩጽን ዝኾነ፡ ማእከላይ ሕምብርቲ ዕላማ፡ ስለ ዘይ ምእዘዝ እዩ። ኣውሓሲ ኣይ ኮነን።*

*ነየናይ ዓይነት ዕላማ፡ ከኸስብ ኢሉ ደኣ እዩ ዝኸይድ ዘሎ፡ ኢልካ ምስ ትሓትት ከኣ፡ እቲ ክትበጽሖ ትኽእል ርድኢት፡ ካብቶም ብዙሓት ሓደ፡ ፖለቲካዊ ሕርቃን ወይ ብስጭት ከም ምዃኑ ርድኢት ኣሎ። እቲ ሕቶ፡ ስለ ምንታይ ይሕረቕ ዘይ ኮነስ፡ ንሕርቃን ብኸመይ ገሪካ ገሪሕካ፡ ናብ መዓላ ዕላማኻ ተውዕሎ ኢዩ፡፡*

*ሕርቃን እንተ ዘይ ተገሪሑ ድማኒ፡ ናብ ናይ ሽበራ ሞቶረ ይልወጥ። ኣሰር ኣጻብዕ ናይ'ዚ ተቓውሞ ኤርትራ፡ እንታይነቱ ኣጉልሕና እንተ ፈቲሽናዮ ከኣ፡ እንእከቦ ሓቤሬታ፡ ቀያሕቲ ሕርቃን ኮይኖም ይረኣይኻ። ደፊርና ክንዛረበሉ ዘይ ደሌናሉ ምክንያት፡ ከም ኤርትራውያን መጠን፡ ኣብ ቅድሚ ኣህዛብ ዓለም፡ ንኹላትና ከሕፍረና ዝኽእል ከም ምዃኑ መጠን፡ ስለ ዝኸጀልናዮ ደኣ እምበር፡ ናብ ግብረ ሽበራ ገጹ ዝቐንዔ ተግባራት፡ ንሽትቶ ኣሎና። ወይልና!!! እንታይከ ፈጺሙ?*

*ጃልባታት ናይ ተቓውሞ፡- 1) ኤርትራዊ ዲሚክራስያዊ ምሕዝነት 2) ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን 3) 4 +1 4) ተዳሙን 5) ባይቶ ኣዋሳ 5) መድረኽ . . . ወዘተ፡ ሓንቲ ደድሕሪ እታ ካልእ ክጥሕላ ጸኒሔን፡፡ ምስክሩ፡ ውዕሎ ጀንቫ እዩ።*

*ውዕሎ ጀንቫ፡ ጥርናፈ ዘይ ነበሮ፡ ናይ ውልቀ ሰባት ወፍሪ እዩ ነይሩ። ናይ ሕርቃን ድምጺ ዘቃለሐ ደኣ እምበር፡ ሶውራዊ ኣይ ኮነን። ታሪኻዊ ጁግንነት ሶውራና፡ ንሱ ከኣ - ባዕልና ንባዕልና እንውንኖ ዕላማ ተኸቲልና ተዓዊትና። እዚ ኣብ ጀንቫን፡ ካልኦትን ዝተከስተ ውዕሎ፡ ዋንነት ናይ ሃገራዊ ሶውራ ስለ ዘይ ብሉ፡ ፈውሲ ካብ UN ክረክብ ለሚኑ። ብኻልእ ኣበሃህላ፡ ተቓውሞ ኤርትራ ንኽቃውም፡ ነዊሕ ዓመታት ወሲዱሉ ከብቅዕ፡ ክሳብ ሕጂ ግን ከቓውም ኣይ ከኣለን። እታ መርከብ ምስ ጠሓለት፡ ናብ ለማናይ UN ኮይኑ ተቓይሩ።  ካብ ልማኖ ጀንቫ፡ እንታይ ድዩ ተረኺቡ? እርዳእኩም።*

## ደምዳም

*ሀ) መርከብ ተቓውሞ ጥሒላ እያ። እንተ ደኣ ዝከኣል ኮይኑ ግን፡ ንሓንቲ ዕላማ - ንሳ ከኣ ንሓንቲ ዲሞራስያ ጥራይ እትሽከውም፤  ብሓንቲ ሓባሪት  እትምራህሕ፡ ሓንቲ ሃገራዊት ዝኾነት መርከብ ምስራሕ። እንተ ዘይ ኮይኑ፡ ንመርከብ መንግስቲ፡ ከዓግታ ዝኽእል ማዕበል ተቓውሞ፡ ኣይ ክህሉን እዩ።*

*ሁ) መርከብ መንግስት ኤርትራ ከኣ ትሕብስ ኣላ። ዕድመ ህግደፍ ድማ፡ ብዘይ ጥርጥር ቀጻሊ ከም ዝኾነ፡ ሓዊ ሓዊ እና ጨነወ፡ ይቕጽል ኣሎ። ኤርትራ፡ ድሕሪ ሕሱም ተመክሮ፡ ኣብ ጸወታ ፖለቲካ  ኩዑሶ ዓለም፡  ሓዲሽ ማልያ ለቢሳ፡ ኣብ ማእከላይ ሜዳ*፡ ናይ ቀርኒ ኣፍሪቃ ኮይና፡ ክትመናጠል ጀሚራ ትርኤ ኣላ። ኣብ ዞባ ቀርኒ ኣፍርቃን ማእከላይ ምብራቕን፡ እቲ ብቐዳምነት ዓዚዙ ዝካየድ ዘሎ እዋናዊ ምምንጣል፡ ንመስል ሰብኣውነት ዝምልከት ዘይ ኮነስ፡ ኣብ ጸጥታውን፤ ቁጠባውን፤ ፖለቲካውን ዘተኮረ ኮይኑ፡ ኤርትራ ከኣ ክትብለጸሉ ጀሚራ ኣላ።*

*ሂ)*



*ጅኦፖለቲካ ከም ድራጎን መሲሉ፡ እሳተ ጎመራ ይተፍእ ስለ ዘሎ፡ ሕቶ ዲሞክራስይ ሎሚ፡ ብኢድ ኣዙር እንተ ዘይ ኮይኑ፡ <u>ኣብ እዋን ሕስረት</u>* ወዲቑ ስለ ዝርከብ፡ ንዓና ንኤርትራውያን ብኸልተ ወገናትና - ህግደፍን ተቓውሞን፡ መሰረታዊ ምትዕርራይ የድልያና ኣሎ።*

*ሃ) እዚ ኩሉ ኣብ ሃገርና ወሪዱ ዘሻቕለና ዘሎ፡ ዘይ ጥጡሕ ዝኮነ ውሽጣዊ ፖለቲዋውን ማሕበራውን ጉዳያት፡ ተደመሮ ጅኦፖለቲካ፡ ፈቲና ጸልእና፡ ነቲ ኩሉ ንሕብረተሰብና ዘገድስ ጉዳያት፡ ጽላታት ብጽላት ክዕረ መታን፡ ኣካይዳና መርሚርና፡ ዝሓሻ ኣማራጽ ክንወስድ፡ ቁሉባት ኢና።*

- *እቲ መንግስቲ፡ ብስሩዕ ዝኾነ ኣገባብ፡ ህዝቢ እንታይ ይብል ከም ዘሎ ንምርዳእን፡ ካብኡ ተበጊሱ ድማኒ፡ መፍትሒ ንዝኸውን ትልምታት ንምሕንጻጽን መታን ክኽእል፡ __ሓንቲ ናይ ህዝቢ ርእይቶ ኣኪባ እተጽንዕ ጉጅለ, Survey Committee, እንተ ዝሰሚ፡ ነቲ ህዝቢ እውን ከተሃዳድኦ ምሓገዘ።__*
- *እቲ ተቓውሞ ከኣ፡ ንኽወጾ ዘይ ክእል ዓቐበት ክሓኩር፡ ዒሕ ዋላ እኳ እንተ በለ - ንሱ ከኣ መንግስቲ ምግልባጥ ዝብል ዕላማ ኣዋዲቑ፡ ናብ ዝሓሸ ዘዋጽእ ዕላማ ክኾትም ጉዱድ እዩ። መንግስቲ ንምዕራይ፡ ብስሩዑን ምዑቡልን ኣገባብ: ጠለባቱ ናብቲ መንግስቲ ክቕርብ ይበገስ። __ሓንቲ ናይ ጥርዓን ኮምሽን, Commission of Petition, ይምዘዝ። ብኣኣ ኣቢሉ ከኣ፡ ናይ ህዝቢ ከታም ምስ ጠርነፈ፡ እቲ ጥርዓን ናብ መንግስቲ ኤርትራ የቕድም።__*

*ወደሓንኩም።*

*ካላይ ክፋል፡ ኣብ እዘን ዝጥቀሳ ዘለዋ ዛዕባታት ዘተኮረ ክኸውን እዩ። ሀ) ሽፍትነት ሁ) ኮብለልትነት ሂ) ዝምድና ቁጠባን ሽቕለት።*

*ድሕነት ሃገርን ህዝብን ከም ቀዳምነት ዘይ ምርሳዕ።*

[fewsilybee@yahoo.com](mailto:fewsilybee@yahoo.com)

## ንመብርሂ ዝተጠቐምኩሎም ቃላት

| ፍቕዲ | ትግርኛ | እንግሊዝ |
|---|---|---|
| 1 | ስርዓት ጫካ | Rule of the Jungle |

| | | |
|---|---|---|
| 2 | ሕርሲ | *Birth* |
| 3 | ቀሳቢ | *Coercion* |
| 4 | ፖለቲካ-ዓለምለኸ | *Geopolitics* |
| 5 | ግልጽ | *Orientation* |
| 6 | ተመሸጉ | *Fenced* |
| 7 | ፍሕተራ | *Mining* |
| 8 | መርድእ | *Shocking announcement* |
| 9 | ክበብ | *Club* |
| 10 | ጥምሮ | *Package* |
| 11 | ዛህላል | *Inept* |
| 12 | ጠመተ | *Vision* |
| 13 | ዝርግርግ | *Blurred* |
| 14 | ተቓንዩ | *Tune up* |
| 15 | ብጽሕዎ | *Find out* |
| 16 | ፍሽኮላ | *Failure* |
| 17 | ዓነዝር | *Idiots* |
| 18 | ዘፍርጭ | *Puberty* |
| 19 | ዕላማ | *Goal* |
| 20 | ኣገባብ | *Strategy* |
| 21 | መሳለጢ | *Objective* |
| 22 | ሰፍ | *Infinity* |
| 23 | ጉብእ | *Appropriate* |
| 24 | ውሁብ | *Given* |
| 25 | ነዳይ | *Loser* |
| 26 | ምስታር፤ ምዝርጋፍ | *Combing, Brusing* |
| 27 | እዋነነ ሕሰረት | *Recessionary time* |
| 28 | ምትኳይ | *Sticking a finger in the ass* |
| 29 | ውዑይ ትኩስ ዜና | *Breaking New/ ሰበር ዜና* |
| 30 | ዓንጃል | *Dumb* |
| 31 | ዓናን | *Bolshie* |
| 32 | ወታራት | *Macho* |
| 33 | ዓኪሳትና | *She screws us up.* |
| 34 | ናህና ጠረው ሰብ | *Our bold, ridged, person* |
| 35 | ቆዚማትሉ | *Eulogy by her* |
| 36 | ገጢመያሎኹ* | *I got her* |
| 37 | ዘጠጠ* | *Skewed* |
| 38 | መሪሕ | *Vanguard* |
| 39 | ቅድሚ ዝኣገረ | *Before too late* |
| 40 | ምጽኣታት | *Apocalyptic* |
| 41 | ቀንዲ ረቛሒ | Prime factor |
| 42 | ዋኒኖም | *Their motive* |